# 3ይ ዋዕላ ኣባላት ህግደፍ ስዊዘርላንድ



3ይ ዋዕላ ኣባላት ህግደፍ ስዊዘርላንድ ኩሎም ኣባላት ህግደፍ ዝተሳተፍዎ ብዕለት 10.04.2011 ኣብ ከተማ በርን ስዊዘርላንድ ብኣዝዩ ሃገራውን ውድባውን መንፈስ ዝዓሰሎ ኣብ ትሕቲ «ቅድም ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነት» ዝብል ቴማ ተኻይዱ።

ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት ብጻይ ገብረመድህን መሓሪ ካብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ጀነቫ ኣብቲ ዋዕላ ተረኺቡ ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት፣ ሳላ ውሕሉልን ሓያልን መኸተ ህዝብን መንግስትን ንኹሉ ተጻብኦታት ስዒርና፣ ልኡላውነትና ኣውሒስና፣ ጉዕዞ  መደብ ልምዓትናን ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋጽ ኣበርቲዕና እንስራሓሉ ኣብ ዘለናሉን፣ መበል 20 ዓመት በዓል ናጽነትና ንምጽንባል ተቐሪብናሉ ኣብ ዘለናሉን 3ይ ዋዕላ ኣባላት ህግደፍ ስዊዘርላንድ ይካየድ ምህላዉ ብምግላጽ፣ ዋዕለኛታት ብኣዝዩ ኣገደስቲ ውሳኔታትን ለበዋታትን ክወጹ ተላብዩ።



ቀጺሎም ወከልቲ ጉጅለታት ህግደፍ ንኡስ ዞባ ስዊዘርላንድ ንጥፈታት ስራሓቶም ዘንጸባርቕ ጸብጻባቶም ኣቕሪቦም። ንዋዕለታኛታት ከኣ መድረኽ ዝጠልቦ ውሳኔታት ክወስዱ ተላብዮም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ወከልቲ መንእሰያት ህግደፍ ስዊዘርላንድ ተረኺቦም፣ ናይ ደገፍ ቃሎም ድሕሪ ምቕራብ ንዋዕለትኛታት መጻኢ መደባት ማሕበር መንእሰያት ኤርትራውያን ኣብ ስዊዘርላንድ ብሰፊሑ ኣብሪሆም።

ስዒቡ ብጻይ ሽለሺ እድሪስ ወኪል ህግደፍ ንኡስ ዞባ ስዊዘርላንድ ንዋዕለኛታት ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብዘን ዝስዕባ ኣገደስቲ ቴማታት ድማ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ሂቡ።

- ህዝባዊ ናዕብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን
- ስነ ኣእምሮኣዊ ኩናት
- ተጻብኦን መኸተን



ኣስተምህሮኡ ብምቕጻል ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ዝእለሙ ዘለዉ ውዲታትን ተጻብኦታትን ድሕሪ ምትንታን፣ ከም ኣባላት ህግደፍን ህዝብን ሓድነትና ኣትሪርና ነቶም ዝጽበዩና ዘለዉ ዓበይቲ ሃገራዊ ዕማማት ንምዕዋት፣ ነቲ ዘይሕጋዊ ፖለቲካዊ ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምፍሻልን ክሳብ እቲ ዘይቅኑዕ ውሳኔ ዝላዓል መኸተና ቀጻሊ ምዃኑ ኣገንዚቡ።
ኣስዒቡ ድማ መቐጸልታ መርኣያ መኸተና ነዚ ኣብዚ ዓመት እዚ እንጽንብሎ መበል 20 ዓመት ናጽነትናን መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤል ምጅማር ብረታዊ ቃልስናን ከም መግለጺ ሓድነትናን ጽንዓትናን መኸተናን ብድምቀት ክንጽንብሎ ኣገዳስነቱ ብሰፊሑ ገሊጹ። መደረኡ ብምቕጻል ካብ ዝሓለፈ ግዜ መኸተና ብዝለዓለን ዝሓየለን ሃገራዊ መንፈስ ክቕጽል ውድባዊን ሃገራዊን ሓላፍነትና ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ዋዕለኛታት ብወገኖም ድሕሪ ሰፊሕ ዘተን ሕቶን « ሎሚ ከም ትማሊ ኣብ ጎኒ ውድብናን መንግስትናን ህዝብናን » ኣለና ብምባል ኩሉ ካባና ዝጥለብ ከነማልእ ድሉዋት ኢና ብምባል መብጽዕኦም ኣሓዲሶም።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣሳናዳኢት ሽማግለ
3ይ ዋዕላ ህግደፍ
በርን - ስዊዘርላንድ